# <u>ጉጅለ ህግደፍ፣ ጉሓፍ ዝእክብ ሸፍታ ባሕሪ!!</u>

ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ፣ ኣቦ መንበር ጉጅለ ህግደፍ፣ ናብ ሃገር ኢራን ዑደት ገይሩ ከም ዝነበረ፣ ብዝተፈላለየ መራኸቢ ብዙሓንን ከምዝተሓበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ኣብዚ ዑደት'ዚ፣ እቲ ቀንዲ ሕመረት ጉዕዝኡ፣ ምስ መንግስቲ ኢራን ምሕዝነት ፈጢርካ፣ ናይ ህግደፍ ማዕከን ገንዘብ ንምምላእን ቀጻልነት ስልጣን ንምንዋሕን ኢዩ ኔሩ። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ካብ ዝተዘተየሎም ዛዕባታት ገለ ካብቲ ቀንዲ፣ ጉዳይ ሶማልን ናይ ኢራን ኒኩልያር ሓተላን ኣብ ኤርትራ ክጉሓፈሉ ዝኽእል ኩነታትትን ይርከብዎም። ኢራን ከም ኩለን ናይ ኒኩልያር ኢንዱስትሪ ዘለወን ሃገራት፣ ናይ ኒኩልያር ሓተላ ጉሓፍ ትጉሕፈሉ ቦታ ክትደሊ ድሕሪ ብምጽንሓ፣ እንሆ ሎሚ ኣብ ሃገር ኤርትራ ናይ ምጉሓፍን ዕድል ተረኪቡ፣ ምስ ጉጅለ ህግደፍ ናይ ዉዒት ዉዕል ብምፍራም ተተግብር ኣላ። እዚ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተከዊሉ ዝግበር ዘሎ ናይ ምጉሓፍ ሓተላ ኒኩልያር ዉዒት፣ ብዝተፈላለያ መራኸብ ተጻዊኑ ናብ ሃገር ኤርትራ ከም ዝኣተወ፣ ናይ ዓይኒ መሰካክር ኣለና። እዚ እኽይ ውዒትን ንምትግባር ክንደይ ላዕልን ታሕትን ድሕሪ ምባል ከአ፣ ኣብ ወደባት ኤርትራ ድሕሪ ምብጽሑ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ፣ ማለት ኣብ <u>ከባቢ ተሰነይ፣ ቃሩራ፣ ናቕፋ፣ ከምኡውን ገማግም ቀይሕ ባሕርን</u> ከም እተቀብረ እንምስክሮ ሓቂ ኢዩ።

እዚ ናይ ኒኩልያር ሓተላ ምጉሓፍ ኣብ ኤርትራ፣ ብጀካ ናይ ጸጥታን ጥዕናንን ጸገም፣ ናይ መሳለጢያ ጸገም'ዉን ስለዘሎዎ፣ ካብ ኩሉ ዝከፍኤ ከአ፣ ዉዒት ካብ ምኳኑ ዝብገስ፣ ናይ ባዕሉ ተወሳኺ ጸገም ስለዝፈጥር ኢዩ። ስለምንታይስ ኣብ ምጉሓፍ ሓተላ ኒኩልያር፣ ክዉሰድ ዝግብኦ ጥንቃቀን ክዋፈር ዝግብኦ ዓይነት መሳለጥያን ኪኢላ ዓቅሚ ሰብን ይቦኩር ከምዘሎ ንምግማቱ ኣየጸግምን። ከምሳዕቤኑ ከአ ናይ'ዚ ዘይሓላፍናታዊ ተግባር'ዚ ሳዕቤን ከቢድ ኢዩ። ስለዚ፣ እዚ ናይ ኢራን ንኩልያራዊ መርዛም ሓተላ'ዚ፣ ጨረርታን (Radiation) ሸታን ጥራሕ ከይኣኽል፣ ኣብ መሬት ብዙሕ ከይርሓቀ ተቐቢሩ ስለዘሎ፣ ብወርሓት ክራማት ብውሒጅ ተፋሒሩ፣ ንኹሉ ከባቢ ከይብክል ብዙሕ ኣስጊኡ ኣሎ።

እዋናዊ ጉዳያት ነልዕል ኣለና እምበር፣ ጉዳይ ምጉሓፍ ሓተላ ኒኩልያር ኣብ ሃገርና ናቱ ታሪክ ኣለዎ። ኣብ 80ታት ናይ ደርጊ ምጉሓፍ ጥራሕ ከይኣኽል፣ ጉጅለ ህግደፍ'ዉን ምስ ናይ ጣልያን ነጋዶ ናይ ኒኩልያር ሓተላ ንምጉሓፍ ብምስምማዕ፣ ካብ ዓዲ ጣልያንን ከባቢኡን፣ በብእዋኑ ብብርክት ዝበላ መራኽብ ተጻዊኑ ናብ ኤርትራ ይአቱ ከም ዝነበረን፣ ኣብ ኤርትራ ብምስጢር ክአቱን ክጉሓፍን ካብ ዝጅምር ድሮ 14 ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ።

ናይ'ዚ ዘይኣገባብን ዘይሓላፍነታዊ ምጉሓፍ ሓተላ ኒኩልያር፣ ግዳይ ክህልዎ ግድን ኢዩ። ጉጅለ ህግደፍ ናይ'ዚ ዉዲት'ዚ ጠንቁን ሳዕቤኑን ዘይፈልጡ መንእሰያት ኤርትራ ገይሩ፣ ብዘይመከላከሊ ክጽዕኑን ከውርዱን፣ ክፍሕሩን ክቀብሩን ዝሓመሙን ዝሞቱን ማእለያ የብሎምን። ናይዚ እከይ ዉዲት ሕቡእ ግዳይ ዝኮኑ ዜጋታት፣ ብሕማም ኤይድስ ተለኪፎም ብዝብል ስም፣ ዝሳቀዩ ዘለዉ ብዙሓት ዜጋታት ኢዮም። እዚ ክንብል እንከሎና ግና፣ ናይ ኤይድስ ዝተለከፉ የብልናን ማለት ከም ዘይኮነ ነብሲ ወከፍ ክርድኦልና ንፈቱ። እዞም መሳኪን ሓላዪ ዘይረከቡ፣ ተኻእቲ መጻኢ ወለዶታትና ዝኾኑ መንእሰያትና፣ ግዳያት ናይዚ አሬሜናዊ ጉጅለ'ዚ ብምኳን፣ ብስም ሃገራዊ አገልግሎት ብዘይ ደሞዝን መሰልን፣ ከም ጊላታት ንዓመታት የስርሖም ከም ዘሎ ነብሲ ወከፍ ዜጋ አጸቢቑ ዝአምኖን ዝቕበሎን ሓቂ ኢዩ። በዚ ከአ፣ ብዙሓት መንእሰያትና፣ ናይ ዘይፈልጥዎ ሕማማታት ሳዕቤን፣ አደዳ ሞትን ስቅያትን ኮይኖም ይርከቡ አለዉ።

ቀጺሉ መራሒ ጉጅለ ህግደፍ ዑዶቱ ናብ ኢራን ምሰብቕዔ'ዉን፣ ንሃገር ጣልያን ኢዩ ኣምሪሑ። ኣብ'ዚ ጉዕዞ'ዚዉን ከምቲ ልሙድ ተግባሩ፣ ኣብ ዉዕል ምጉሓፍ ኒኩልያራዊ ሓተላ ምስ ነጋዶ ጢልያን ኢዩ ተፈራሪሙ። ድሕሪ ካብ ጉዕዙ ምምላሱ ድማ፣ ቀቕድሚ ናይ ኢራን ሓተላ ኒኩልያር ምእታዉ፣ እቲ ኣብ ከባቢ ናፖሊ ተኸዚኑ ዝነበረ መርዛም ጉሓፋት ኒኩልያር ጣልያን፣ ብወደባት ኤርትራ ኣቲዩ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ ሃገርና ተጋሒፉ ኢዩ። እዚ ናይ ዘለዓለማዊ ሕማማት መሰረት ዝኾዉን አብ ኤርትራ አስፊሩ፣ ንውሉድ ወለዶታት ዝሓድጎ ጠንቂ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ዝዓለመ፣ ምስ መሳርሕቱን መማኽርቱን ዝተማህዘ ናይ ነዊሕ ውዲት መደብ ኢዩ። እዚ ከአ ህላውነት ኤርትራን ህዝባን ንጉጅለ ህግደፍ ስለ ዘየገድሶም ኢዩ። ቐጺልና ከምንርእዮ ድማ፣ ናይ ጉጅለ ህግደፍ ተግባርን ሽርሕን በዚ ናይ መርዛም ሓተላ ንኩልያራዊ ጉሓፍን ጥራይ'ዉን ጠጠው አይበለን።

ጉጅለ ህግደፍ ከም መቀጸልታ ዕሉል ብህሪኦም፣ አብ መበል 21 ክፍለ ዘበን፣ አብ ካልእ አነዋሪ ተግባራት ተዋፊሮም ንረክቦም። እዚ ወፍሪ እዚ ከአ፣ ወፍሪ ሽፍትነት ባሕሪ ኢዩ። እዚ ናይ ባሕሪ ሽፍትነት'ዚ፣ ብስም ሶማልያዊያን ሽፋቱ ተኸዊሉ፣ ብኪኢላታት ናይ ሓይሊ ባሕር ኤርትራዊያን ተዋዲዱ፣ ካብ ጊዜ ናብ ጌዜ እናማዕበለ ዝከይድ ዘሎ ዘበናዊ ሽፍትነት'ዚ፣ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕርን መሽመጥ ዓደንን ገማግም ምብራቃዊ አፍሪቃ (ህንዳዊ ውቅያኖስን ገማግም ሶማል) ዝካየድ ኮይኑ፣ ጃንዳ ህግደፍ ነዚ መሬት ዘቢጡ ዘሎ ምንጪ ቁጠቦኦም ንመሸፈኒ፣ ዝመሃዝዎ ወፍሪ ሽፍትነት ኢዩ።

እዚ ዘመናዊ ሽፍትነት ኣንጻር መላእ ዓለም ዝካየድ ዘሎ፣ ካብ ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥን ዓደንን፣ ባብ ኤልማንደብን፣ ኣብ ምብራቓዊ አፍሪቃዊ (ገማግም ሶማልን ህንዳዊ ውቅያኖስ) ብዕጡቓትን ምኹራትን ናይ ባሕሪ ኪላታትን ዝተሰነየ ዝካየድ ዘሎ፣ ናይ መራክብ ምኽታርን ምጭዋይን፣ ቀንዲ ተዋሳእቲ ኤርትራውያንን ሶማላውያንን ምዃኖም ኩሉ ሃገራዊ ዜጋ ክፈልጦ ይግባእ።

ነዚ ብጭብጢ መረጋገጺኡ ከአ፣ ካብ ክሳብ አስዒብና እንዝርዝሮ ዘሎና፣ ናይ መራኽብ ዝተከትራሉ ዕለትን ዓይነት መርከብን እንሆ ነስዕቦ። እቲ ብስም ናይ ውግእ ጐይቶት ሶማል ዀይኑ ዝካየድ ናይ ባሕሪ ሽፍትነት፣ ብኣብ ኤርትራ ዝቕመጥን ልዑል ወጻኢ ተጌሩሉ ጽኑዕ ሓለዋን ምቾትን ዝነብር ሸኽ ሰሪፍን ኣቦ መምበር ህግደፍ ዝምራሕ ኢዩ። ናይ እቲ ወነንቲ መራኽብ ዝኸፍልዎ ገንዘብ ቀንዲ ተቐባሊ ባዕሉ ናይ ህግደፍ አቦ መንበር ኮይኑ፣ ገባርን ሓዳግን ኮይኑ ነቲ ገንዘብ ዝህብን ዝኸልእን እዉን ንሱ ጥራይ ኢዩ።

ክቡራት ኤርትራውያን ዜጋታት ካብዚ ቀጺልና እቲ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥን ዓደንን፣ ባብ ኤልማንደብን፣ ኣብ ምብራቓዊ አፍሪቃዊ (ገማግም ሶማልን ህንዳዊ ውቅያኖስ) ካብ ተዋፊርዎ ዘሎ እኽይ ዘመናዊ ሽፍትነት እቲ አገዳሲ ዝበልናዮ፣ ንዓለም ዘሰደምም ዘሎ ናይ ክትራን መራኽብ ዘመተ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት፣ ካብ ዕለት 28/05/ 2008 ክሳብ 18/11/2008 ጥራሕ 16 መራኽብ ዓበይትን ናእሽቱን፣ ዝርዝሩ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

| ዕለት | ስም መርከብ | ዋንነት | ባንደራ |
|---|---|---|---|
| 28.05.2008 | Arena | አይተፈልጠን | አይተፈልጠን |
| 29.05.2008 | Burum Ocean | አይተፈልጠን | አይተፈልጠን |
| 05.08.2008 | Yenegoa Ocean | አይተፈልጠን | አይተፈልጠን |
| 18.08.2008 | Cetrauri | ግሪክ | ማልታ ንውሓታ 159 ሜትሮ |
| 21.09.2008 | Capt.Stefanos | ግሪክ | ብሀማ ንውሓታ 215 ሜትሮ |
| 25.09.2008 | Faina | ኡክረይን | በሊዘ ንውሓታ 152 ሜትሮ |
| 15.10.2008 | African Sanderlin | ደቡብ ኮርያ | ፓናማ ንውሓታ 215 ሜትሮ |
| 29.10.2008 | Yasa Neslihan | ቱርኪ | ማርሻል ኢንተናሽናል ንውሓታ 225 ሜትሮ |
| 07.11.2008 | Cecfuture | ደኒማር | ብሃማ ንውሓታ 101 ሜትሮ |
| 10.11.2008 | Stolt Srength | ኣይተፈልጠን | ፍሊፒን ንውሓታ 174 ሜትሮ |
| 12.11.2008 | Karagol | ቱርኪ | ቱርኪ ንውሓታ 107 ሜትሮ |
| 14.11.2008 | Titan Yu8 | ቻይና | ቻይና ንውሓታ ? ሜትሮ |
| 15.11.2008 | Chemistar Venus | ጃፓን | ፓናማ ንውሓታ 148 ሜትሮ |
| 15.11.2008 | Sirius Star | ሸላንተናሽናል | ላይበርያ ንውሓታ 330 ሜትሮ 200 ሚልዮን ሊትሮ |
| 18.11.2008 | Delight | ኢራን | ሆንግኮንግ ንውሓታ 190 ሜትሮ |
| 18.11.2008 | Ekawat Navais | ታይላንድ | ኩራባቲ ንውሓታ ? ሜትሮ |

ናይዚ አብ ላዕሊ ካብ 1 ክሳብ 16 ተዘርዚረን ዘለዋ እተጨውያ መራኽብ፣ በቶም ዕ ሉላን ዘብናውያን ሽፋቱ (ኤርትራውያንን ሶማላዉያንን) ንመፍትሔን ብሰብ ዋናታት መራኽብን ንብረትን ንጨወይተን ዝኸፈልዎ ናይ ገንዘብ ብዝሒ ከአ $678.000.000 (ሽዱሽተ ሚእትን ሰብዓን ሾመንተን ሚልዮን ዶላር አመሪካ) ምሏኑ ኘኹሉ ብጋህዲ ንሕብር አሎና።

ዎ! ክቡራን ዜጋታት ካብ ብመሬት ዶባት ሰጊርካ ዘይፍትሓዊ ውግእ ምክያድ ሓሊፉስ፣ ብቀላያት ሽፍትነት ናይ ባሕሪ ምክያድ፣ ካብ ዝጀምር ድሮ ዓመታት አቝጺሩ አሎ። ቅድሚ ሕጂ ብተደጋጋሚ ሓቢርናዮ ከም ዝነበረና ዝዝከር ኢዩ።

ኩቡራት ኤርትራዊያን ዜጋታት፣ ጉጅለ ህግደፍ ምስ ሙሉእ ዓለም፣ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕርን መሽመጥ ዓደንን፣ ገማግም ምብራቃዊ አፍሪቃ (ህንዳዊ ውቅያኖስን ገማግም ሶማል) ኩናት ኣዊጆም ዘለዉ፣ ብቐጥታን ብተዛዋዋርን (ብሶማል) ካብን ክሳብ'ዚን ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ኸኸዉን እንከሎ፣ ብመንጽሩ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣዊጆሞ ዘለዉ መዘና ዘይብሉ ዓመጽን ግፍዕን ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

እዚ ከም ቀዳማይ ዕላምኦም ወሲዶም ንኣስታት 15 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ከውርድዎ ዝጸንሑን ዘለዉን ንሸውሃቶም ስለዘየርወዮ፣ እንሆ ድማ ሕጂ፣ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ጀሚሮም ብዝኸፍኤ መልክዑ ንሓሮስቶት ሃገርና፣ ነተን ቁሩብ ቑራቦ ሓሪሶም ዘፍረይወን ምህርቶም፣ ኣብ ከበሳ ኮነ ኣብ ቖላታት ሃገርና፣ ነብሲ ወከፍ ገባራይ ተተስዓ(90) ኪሎ ኣትሪፍኩም፣ ካልእ ኩሉ ዝተረፈ እቶት፣ ናብ ማዕከን መንግስቲ ህግደፍ ከረክቡ ኣዚዞም ኣለዉ። ንዝኣበየ ገባራይ ድማ ምህርቱ ብሓይሊ መንዚያም ይወስድዎ ኣለዉ!!!!!!

ከምኡዉን ነቶም ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ሪሂጸ በላዕ ዜጋታትና፣ ናኣሽቱ ትካላት ዝዉኑኑ ከም እንዳ ዱኳን, ቤት ሻሂ ቤት መግቢ ...ወዘተ ከምኡዉን ግለ ነጋዶ፣ ከከም ስፍሓት ትካላቶም ካብ 70ሽሕ ክሳብ 150ሽሕ ናቕፋ ከይከፈልኩም ናይ ንግዲ ፍቓድኩም ኣይሕደስን ኢዩ ብምባል የሳራጥዩዎምን ይምንጥልዎምን ኣለዉ!!!! ብሓጺር ኣዛራርባ ጉጅለ ህግደፍ፣ ኤርትራን ኤርትራዊያንን ነበረትያ ነበረት ንምግባር ከም ቀዳማይ ዕላምኡም ወሲዶም፣ እንሆ ብሕይወት ይላገጹ ኣለዉ።

ህግደፍን ስነምግባሮምን እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ካብ ኮነ ሕመረት ዉጺቱ፣ ንሕና እቶም ብሃገርና ንሓምምን ንሕርቕምን ዘሎና ዜጋታት፣ ንህሉዉን ሕሉፉን ገምጊምና፣ ንድሕነት ህዝብናን ንቀጻልናት መንነትናን፣ ብዉሽጥን ብደገን ዘለና ዜጋታት ብስኒትን ሓድነትን፣ ዓቕምታትና ኣዋሃሂድና፣ ሓንሳብን ንሓባሩን ንጉጅለ ህግደፍን ደቂ መዛምርቶምን ኣብ ናይ ታሪክ ጎሓፍ ክንድርቢዮም፣ ካብ ዉሽጢ ምክልካል ሓልታት ኤርትራ ከቢድ መጸዋዕታና ነቕርብ!!!!

08 ታሕሳስ 2008
ግምህኤ ኤርትራ

## ዓወት ናይ ህዝቢ ኢዩ